*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

# *A short biographical sketch*
# *Of*
# *Dr. Aba Agustino Tedla*



Aba Agustino Tedla

*Edited from data compilation of* electronic sources

*By*

*Emnetu Tesfay*

*Stavanger, Norway* January 2015

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

ሓጺር

ዛንታ ሂወት

# ዶክቶር ኣባ ኣጉስቲኖ ተድላ



ኣባ ኣጉስቲኖ ተድላ

*ካብ ኢንተርነት መርበብ ተኣኪቡን ተመዓራርዩን ዝቐረበ*


ብ

እምነቱ ተስፋይ



*ስታቫንገር , ኖርወይ*

ጥሪ 2015

# ዝርዝር ትሕዝቶ ጽሑፍ


| | |
|---|---|
| መቕድም / መእተዊ |  |
| ህይወት ኣብ ግዜ ንእስነትን ዉልቃዊ ሓበሬታን |  |
| ገለ ክፋል ካብቲ ኣበርክቶ ናይ ኣባ ኣጉስቲኖ ኣብ ቃልሲ ነጻነት |  |
| ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ካብ መራሒቲ ሃይማኖታት |  |
| ከምቶም ቀዳሞት ኣቦታትና ለባማት ንኹን። ኣይንካሰስ |  |
| ምብቃዕ ህይወት ኣባ ኣጉስቲኖ |  |

**መቕድም / መእተዊ**

ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ንሕና መርበብ ሓበሬታ ደቀባት፡ ናይ ቀደም ተቓለስቲ ኣቦታት እናዘራረብና፡ ነዚ ሓድሽ ወለዶ እቲ ዝሓለፈ ኤርትራዊ ኒሕን ሓቦን ንኸምህሩናን፡ ታሪኽ ኣቦታትናን ጀግንነት ብሓጎታትናን ከም ንፈልጥ፡ ዛንታ ቀዳሞት ጀጋኑ ወለድና ከም ዝሕብሩና ንምግባር፡ ቃል ኣቲና ኔርና። ጸላእትና ንዓና ጥራሕ ዘይኮነ ንዓድና፡ ንባህልና፡ ንሕግታት እንዳባታትና፡ ንጅግንነት ኣቦታትና፡ ንኣከፋፍላ ኣውራጃታትና፡ ስልቲ እናቕረቡ ብንቕሓታዊ ሰበብ ኣመኽንዮም፡ ንምድምሳስን ንምልዋጥን ይቃለሱ ኣለዉ። ንሕና ከኣ ታሪኽናን መንነትናን ባህልናን ስርዓትናን ከይጠፍኡ፡ ንድሕነትና ክንረባረብ ኢና።



እምበኣርከስ ሓደ ካብቶም ኣብ ሃገርና፡ ጌና ዘይተጻሕፈን ዘይተነግረን ሕሉፍ ኤርትራዊ ፍቕርን ጽንኩር ቃልስን፡ ንምሉእ ዕድሚኦም ኣሕሊፎም፡ ብሰንኪ ፍቕሪ ዓዶምን ወገኖምን ሂወቶም ዝኸፈሉ፡ ኣቦ ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ እዮም። ናይ ዶር. ኣባ ኣጎስቲኖ ሞያን ቃልስን ሃገራዊ ፍቕርን፡ ጽሒፍካን ተንቲንካን ዝውዳእ ኣይኮነን። ካብ ማይ ባሕሪ ብማንካ ግን፡ ብዓቕምና ገለ ንእሽቶ ከነዘንቱ ክንፍትን ኢና።

**ህይወት ኣብ ግዜ ንእስነትን ዉልቃዊ ሓበሬታን**

ንኤርትራ ዝወለደ ዘይወለደ፡ ዝፈለሰ፡ ዓለም ዝመነነ፡ ቀሺ፡ ሸኽ፡ ኣስላማይ፡ ክስታናይ፡ ኩሉ እዩ ሰሪሑላን ደኺሙላን፡ ተቓሊሱላን ተሰዊኡላን። ፍረ ናይቲ ኩሉ ቃልስን መስዋእትን፡ እዚ ሎሚ ወሪዱዋ ዘሎ መሪር ጭቆናን ህልቀትን ክኸውን ግን፡ እንቋዕ እቶም ቀዳሞት ጀጋኑ ደቃ ተመሊሶም ዝርእዩዎን ዝሰምዑዎን ኣይኮኑ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ምስ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ፡ ኣብ ዝገበርናዮ ቃለ መጠይቕ፡ <u>ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ</u> ሓደ ካብቶም መግዛእትን ጭቆናን ሃገርና ዝኸከላኸሉ፡ ቃልሲ ዝጀመሩን፡ ምእንቲ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝተቓለሱ፡ ዝርሃጹ፡ ዝጸዓሩ፡ ዝተኣስሩ፡ ዝተገርፉ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ በቲ መውቃዕቲ ምኽንያት ብዝወረዶም ሕማም፡ ኣብ ዓዲ ጣልያን እናተሓከሙ ከም ዝተሰውኡ፡ ትሓቢሩ ኔሩ። ብሓጺሩ ናይ ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ ታሪኽን ቃልስን፡ ክሕብሩና ብዝገበርናሎም ወኸሳ መሰረት፡ ኣቶ ሃብተማርያም ክገልጹልና ከለዉ፡ ንብዓት ስዒሩዎም ሕንቕንቕ እናበሉ ነበረ።



ኣባ ኣጉስቲኖ ተድላ

ንሶም ይብሉ፣ "ኵሉ ንሃገሩ ይፈቱ እዩሞ፣ ከም ኣባ ኣጎስቲኖ ጌሩ ንሃገሩን ንወጉኑን ንምድሓን ዝተቓለሰን፣ ፍቕሪ ዓዱን ወጉኑን ዘጥቅየ ግን የልቦን"፡ ብማለት ይምስክሩ። ኣባ ኣጎስቲኖ ዓዶም ሔቦ ጽንዓ ደግለ ኣከለጉዛይ ኰይኑ፣



ሔቦ ዓዲ ኣባ ኣጉስቲኖ ካብ ርሑቕ ክትረአ ከላ ዘርኢ ስእሊ

ናይ ማሕበር ካቡቺኒ ካህን እዮም ኔሮም። እቲ መብዛሕትኡ ሂወቶም ከኣ፣ ብዘይካቲ ሃዋርያዊ ናይ ሃይማኖት ስርሖም፣ ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ኣሕለፉዎ። ንሶም በቲ ዝነበሮም ኣፍልጦን ናይ ስራሕ ሓላፍነትን፣ ንሰውራ ኤርትራ ብዘይ ዕረፍቲ፣ ብመድሃኒት ኮነ ብገንዘብ ብሕክምና፣ ተጋደልቲ ኮነ ብኻልእ ምስጢራዊ ስርሓት፣ ንቓልሲ ሃገርና ዝሓብሓቡን፣ ንሓድነት ህዝብና ዝተቓለሱን፣ መንፈሳውን ስጋውን ኣቦ ከኣ ነበሩ።



ሔቦ ዓዲ ኣባ ኣጉስቲኖ ካብ ሳተላይት ካርታ ክትረአ ከላ ዘርኢ ስእሊ

## ገለ ክፋል ካብቲ ኣበርክቶ ናይ ኣባ ኣጉስቲኖ ኣብ ቃልሲ ነጻነት

ኣባ ኣጎስቲኖ፣ ንሂወቶም ምእንቲ ህዝቦም ንምሃባ፣ በቒቖማ ኣይፈልጡን። ምስቲ ኩሉ ናይ ነፈርትን፣ ናይ ካልእ ጸጥታዊ ኵነታትን፣ ከይተሰከፉ ብመኪንኦም ንሜዳ ኤርትራ እናተመላለሱ፣ ብዙሕ ጊዜ ምስ ተጋደልቲ ደቆም ተራኺቦምን ተመያይጠምን ጥራሕ ዘይኮነ፣ ዘድሊ ምኽርን ምትብባዕን ለበዋታትን ዘቕርቡ ዝነበሩ፣ ወላዲ እውን እዮም። ገለ ካብኡ እውን፣ ኣነ ዝተሓወስኩዎ፣ እቲ ብ1974 ኣብ ጀንገሬን ዝተባህለ ቦታ መጺኦም፣ ሕሩይን ዓብደልቃድር ሮሞዳንን ካልኦትን ዝርከቡዎም፣ ምስ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት፣ ብዛዕባ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ናይ ምባል ዘካየዱዎ፣ ሰፊሕ ዘተን ምይይጥን ነበረ።





ኣባ ኣጉስቲኖ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዘይሕለል ናይ ሰላምን ዕርቅን ስራሕ ዘካየዱ ሰብ ነበሩ

“ካብቲ ዝገርመንን ንምሉእ ሂወተይ ዘይርስዓንን”፡ “ኣብርሃም ተወልደ ኣብቲ ጉባኤ ኣዶብሓ ድሕሪ ምክፋሉ፡ ካብ ባርካ ኝኸበሳ ክመጽእ ከሎ፡ ኣብ ከባቢ ሎጎ ጭዋ፡ ኣብ ባምብቆ ምስ በጽሔ፡ ሓሚሙ ተወጺዑ፡ ምኽኣል ስኢኑ ወደቐ። ቀልጢፎም ከኣ ኮንታቱ ብዝኣምኖ ቤተሰብ ዝኾነ ተቓላሳይ ጊሮም፡ ሓበሬታ ንዓይ ነስመራ ኣብጽሑለይ። መልእኽቲ ምስ ተቐበልኩ፡ ኣነ ንበይነይ ክገብሮ ዝኽእል ስለዘይነበረኒ፡ ንዕኦም ሓበርኩዎም። “ኪድ ቀልጥፍ ከይሰጋእካ ኣምጽኦ”! ኢሎምኒ፡ ናይ መንግስቱ ባይሩ መኪና ወሲደ፡ ካልኣይ ርእሱ ምስ ብረቱን ዕ ጥቁን ናብኦም ኣምጺኤ፡ ኣብ ገጀረት ንዕኦም ኣረኪበዮም፡ ዝኣምኑዎም ሓካይም ጸዊዖም፡ ብምስጢር ሓቢኦም ብምሕካም ከኣ፡ ድሕሪ ገለ መዓልትታት ብፍጹም ድሒኑን ሓውዩን፡ ንቦታኡ ኣፋኒናዮ” ይብሉ ኣቶ ሃብተማርያም።



ዶክቶር ኣባ ኣጎስቲኖ፣ እቲ ንወዲ ሰብ ክወሃብ ዝኽእል ህያባት፣ ኩሉ ብሙሉኡ ኔሩዎም። ሕያውነት፣ ስብእነት፣ ልግሲ፣ ጥበብ፣ ፍልጠት ኩሉ ከኣ ምስኦም ነበረ። ሰውራ ኤርትራ ኣብ ሰብዓታት ተፈናጭሉ፣ "ዓማን ምዳዳን" ዝብል ናይ ጽልኢ ኣስማት ተጠሚቑ፣ ጀብሃን ህዝባዊ ሓይልታትን ኣብ ኲናት ሓድሕድ፣ ኣብ ዝኣተዉሉ ጊዜ ከኣ፣ ካብቶም ከይደቀሱን ከየዕረፉን፣ ንዕርቅን ንሰላምን ዝቃለሱ ዝነበሩ ደቂ ሃገር፣ ኣባ ኣጎስቲኖ ሓደ ነበሩ።

## ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ካብ መራሒቲ ሃይማኖታት

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና ብዛዕባ ናይቶም ሕያዋይ ኣቦን ተቓላሳይን ዝነበሩ ኣባ ኣጎስቲኖ መንነት ብሕጽር ዝበለ ሓቢርና ኔርና። ኤርትራ ሃገርና ከም ብዓል ኣባ ኣጎስቲኖ ዝኣመሰሉ ጀጋኑን ሓለይቲ ሃገሮምን ህዝቦምን ኣጥፊኣ ኣብዞም ሎሚ ብዘይካ ገንዘብን ስልጣንን ካልእ ሓሳብን ሰብኣዊ ሕልናን ዝጠፍኦም ናይ ስጋ ኮነ ናይ ሃይማኖት መራሕቲ ምስ ወደቐት እያ ኣብዚ ኩሉ ሽግርን መከራን ትርከብ ዘላ።

ኣብ ዝኾነት ችኹን ሃገር፣ ህዝቢ በደልን ግፍዕን ክወርዶ ከሎ፣ እቶም ኣብ መጀመርያ ተሰሪያም ንሂወቶም ከይፈርሑ ንመሰል ህዝብን ንፍትሕን ክዛረቡን ክሰብኩን ክሕለቑን፣ ምእንቲ ሓቂ ቅድሚ ህዝቢ ክስውኡን ዝግብኦም መራሕቲ ሃይማኖት ክኾኑ ኢኻ ትጽበ። ብኣንጻሩ ግን ናይ ሎሚ መራሕቲ ሃይማኖት ኤርትራ ክትርእዮም ከሎኻ ኣስላሞም ኮነ ክስታኖም፣ ኣይኮነንዶ ምእንቲ ፍትሒ ክሰብኩን ምእንቲ ህዝቢ ክሕለቑን፣ እኳ ድኣ ደገፍቲ ጭቆናን ኣመስገንቲ ሽፋቱን ኰይኖም ኣብ ዕለታዊ ጠቕሚ ትዓሲቦም ኣብ ህዝባዊ ጭፍጨፋ ክትሓባበሩን ዓይኖም ክዕምቱን ንጭቆናን ንግፍዕን ንስርቅን ክባርኹ ከለዉ ርኢኻ ከኣ ንብዓል ኣባ ኣጎስቲኖ ዘኪርካ፣ ሓዘንካን ብኽያትካን ዝትዓጻጸፈ ይኸውን።





*መራሕቲ ሃይማኖት ዝዓበየ ሓላፍነት ንናይ ህዝቦም ድሕነትን ፣ ሰላምን ፣ ዕርቂን ኣለዎም*

ኣባ ኣጎስቲኖ ኣብቲ ንሶም ዝሰረቱዎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ግርጭት ተፈጢሩ ውግእ ሓድሕድ ምስ ተጀመረ ኑቲ ናይ ኣሕዋት ደም ምፍሳስ ጠጠው ኘኸብሉ ደኺመ ከይበሉ ዘይገበሩዎ ፈተነን ዘይምሃዙዎ ብልሓትን ኣይነበረን። ካብቲ ዝፈልጡዎ ክሕብሩ ከለዉ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ ከምዚ ይብሉ። ብወገን እሰያስ ብዙሕ ጊዜ ፈቲኖም ምስ ቀበጹ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ንምርካብ ንኤውሮጳ ገሹ። ኣብ ኤውሮጳ ንብዙሕ ጊዜ ፈቲኖም ንምርካቡ ምስ ትሓለሉ ከኣ ኣብ መወዳእታ ካብቲ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝርከብ ዝነበረ ቤት ጽሕፈቱ ንማእከላይ ምብራቕ ደዊሎም ብስልኪ ረኺቡዎን ኣዘራሪቡዎን ለመኑዎን።

በወገን ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝተዋህቦም መልሲ ግን ኣሉታዊ ነበረ። ኣባ ኣጎስቲኖ ግን ተስፋ ዝቖርጹን ብዝጋጠሞም ዕንቅፋት ዝድሃሉን ሰብኣይ ኣይነበሩን። ካብ ኤውሮጳ ተስፋ ስኢኖም ምስ ተመልሱ እንደገና ጉዕዝኦም ንሜዳ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ገበሩ። ኣብዚ ከኣ ምስ መራሕነት ተጋድሎ ሓርነት ተራኺቦም ኑቲ ናይ መንእሰያት ኤርትራ ህልቀት መዕለቢ ክግበረሉ ሓሳባትን ልማኖን ኣቕረቡ። ንሱ ከኣ ኑቲ ዝግበር ዝነበረ ውግእ ሓድሕድ ህዝቢ ኣብ መንጎ ኣትዩ ክምርምሮን ንበደለኛ ወጊዙ ጠጠው ከብሎን ዝብል ሓሳብ ነበረ። ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ከኣ ኑቲ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ንምባል ኣብ ዝገብሩዎ ጻዕሪ ዘድሊ ምትሕብባር ከም ዝግበረሎም መረጋገጺ ረኸቡ። ካብቶም ኑቲ ጉዳይ ንኽደፍኡሉ ዝተባብዑዎምን ዝሓገዙዎምን መራሕቲ ጀብሃ ከኣ ሕሩይ ተድላ ባይሩን ዓ ብደልቃድር ሮሞዳንን ከም ዝነበሩ ምስክር ኢና።

ብኸምዚ ከኣ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ኤርትራውያን ሰበስልጣን ዝተላእከ ምስጢራዊ ደብዳቤታት ተዋህቦም። ንሱ ከኣ ንኣቶ ኣማኒኤል ዓንደሚካኤል ናይ ኤርትራ ኣመሓዳርን ንጀነራል ጕይትኦም ገብረዝጊ ናይ ፖሊስ ኣዛዝን ዝተላእከ ደብዳቤታት ነበረ። እቲ ደብዳቤታት ክልቲኦም ሰበስልጣን ነቲ ኣብ ኣጎስቲኖ ዝጽዕሩሉን ዝደኽሙሉን ዝነበሩ ናይ ውግእ ሓድሕድ ጕዳይ ጠጠው ንምባል ብወገን ህዝቢ ኢድ ኘኸኣትዎ ዘድሊ ምትሕብባሮምን ሓገዞምን ኘኸወፍዩ እንተኸኢሎም ብወገን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጸገም ከም ዘይከውን ዝሕብርን ዝተተባብዕን ነበረ።



ዉግእ ሓድሕድ ደው ክብል ጠለብ ናይ ህዝቢ እዩ ነይሩ። ከይፈርህ ድማ ድልየቱ ንክልትኤን ዉድባት ይገልጽ ነይሩ።

እዞም ክልቲኦም ሰበስልጣን እዚኦም ኑቲ ዝነበረ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ንምባል ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈልጦ ዓቢ ኣስተዋጽኦን ሓገዝን ዘበርከቱ ምኽኖም ሎሚ ንሶም ኮነ ንሕና ከይሞትና ከሎና ክምስክሮ እግደድ ክብሉ ኣቶ ሃብተማርያም፣ ኑቲ ኣቶ ኣማኒኤል ዓንደሚካኤል ኮነ ጀነራል ጐይትኦም ገብረዝጊ ኣብቲ ሽዑ እዋን ንህዝቢ ኤርትራ ዘበርከትዎ ተወፋይነትን ሓገዝን ይምስክሩ። ንሶም ይብሉ ኣቶ ኣማኒኤል ኑቲ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ዝተላእከሎም መልእኽቲ ምስ ተቐበሉ ብቐጥታ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ሓቲቶም ኑቶም ኣብ በረኻ ሰፊሮም ዘለዉ ወምበዴታት ህዝቢ ክረኽቦምን ለሚኑ ምስታ ንሃይለስላሰ ኣውሪዳ ሃገር ብማዕ ርነትን ብፍትሕን ንምትካል ትልወጥ ዝነበረት መንግስቲ ክዓርቆምን ብዝብል ምኽንያት ህዝቢ ምስ ተጋደልቲ ደቆም ኘኽራኸቡ ብዕሊ ኣፍቀዱ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ኣብ ማዘጋጃ ቤት ኣስመራ ትኣኪቡ ምስ ተጋደልቲ ደቁ ዝራኸቡ ወከልቱ መረጸ። ሓደ ካብኦም እውን ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ ነበሩ።



ንጸላኢ ኢድካ ሂብካ ንብጾትካን ሓገዝትኻን ኣብ ሽግር ምእታው ሓደ ኣብ ባህልና ዘይነበረ ንሃገር ጎዳኢ ዝኾነ ስራሕ እዩ

ወከልቲ ህዝቢ ናይ መንግስቲ ፍቓድን ሓገዝን ረኺቦም ከአ ብዕሊ ምስ ክልቲኤን ውድባት እናተራኸቡ ነቲ ዕርቂ ኣብ ክንዲ ምስ ኢትዮጵያ ኣቐዲሞም ንኽልቲኤን ውድባት ንምዕራቕን ነቲ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ውግእ ሓድሕድ ጠጠው ንምባልን እዚ ዘይብሃል ጻዕርን ድኻምን ኣካየዱ። እቲ ኲሉ ተበግሶን ድኻምን ከአ ቀንዲ ምሃዚኡን ኣዓዋቲኡን ኣባ ኣጎስቲኖ ተድላ ነበሩ። ብዙሓት ዝወዓሉዎን ዝፈጸሙዎን ምስጢር ውዒሉ ሓዲሩ ምግላጽ ስለዘይተርፍ ግን <u>ሳራ መኰንን</u> ዝተባህለት ከዳዕ ተጋዳሊት ንኢትዮጵያ ኢዳ ምስ ሃበት ነቲ ኣባ ኣጎስቲኖ ንኽልቲኤን ውድባት ንምዕራቕ ዘካየዱዎን ዝተዓወቱሉን ጻዕሪ ንመንግስቲ ደርጊ ብምንጋር ኣእሰረቶም።



ኣባ ኣጉስቲኖ ኣብቲ ዝኸፍአ ቤት ማኣእሰርቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ

ኣባ ኣጎስቲኖ ከኣ ንኣዲስ ኣበባ ተወሲዶም ዳርጋ ንሸውዓተ ዓመት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓለም በቃኝ ተቐጥቂጦም ኣይ ምዉት ኣይጥዑይ ኰይኖም ተፈትሑ። ድሕሪ ምፍትሖም ኣብ ዓዲ ጣልያን እንዳትሓከሙ ከኣ እታ ክብርቲ ሂወቶም ንሃገሮምን ንህዝቦምን ዘይርሳዕ ፍቕርን ታሪኽን ገዲፋ ሓለፈት።

ከምቶም ቀዳሞት ኣቦታትና ለባማት ንኹን። ኣይንካሰስ

ሎሚ ሃገር ትጠፍእ፣ መንእሰያት ኣብ በረኻታት ይሃልቁ፣ ዘርእና፣ ባህልና፣ ታሪኽና፣ ሓይልና፣ ቊጠባና፣ ኮነ ኢልካ ይስረቕን ይድምሰስን ኣሎ። ንሕና ከኣ ገለ ዕሱባት እሰያስ ብዘበግሱዎን ዘሳውሩዎን ዘለዉ ሓማሴን ከምዚ ኢና ኣከለጉዛይ ከምቲ ኢና፣ ሰራየ ከምዚ እዮም መታሕት ከምቲ እዮም ብማለት ከይንቀራረብን ከይንመያየጥን እሞ ከምቲ ቀዳሞት ኣብሓጎታትና ናይ ሓባር ጸላኢ ክመጾም ከሎ ብሓባር ዝገጥሙዎን ዝከላኸሉዎን ዝነበሩ ሎሚ እውን ብመጀመርያ ኝኹሉ ገዲፍና ሃገርና ካብ ሽፋቱን ሰረቕትን ቀንጸልትን ደምሰስትን ነድሕና። ሃገር ኣድሒንካ ናይ ኣሕዋት ናተይ ናትካ እውን እንተርኪብናሉ ከኣ ቀደም እውን ዝጸንሖ እዩ።

ካልኦት ሃገርና ንምጥፋእን ህዝባ ንምጽናትን ተላኢኾም ብመደብ ኰነ ኢሎም እናጥፍኡዋ ከለዉ ገለኻ ናቶም ኣገልገልቲ፣ ገለኻ ከኣ ናቶም ተኸፋኸልቲ ኰንካ ሃገርካን ህዝብኻን ምጥላም ግን ኣብሓጎታትና ዘየጽንሑዎ ጥልመትን ጽዩቕ ባህልን እዩ። ዝኾነ ኰይኑ ውዒሉ ሓዲሩ ክወግሕዩ። ኰላትና ሃገርና ነድሕነሉ መንገዲ ጥራሕ እንተኝኽተል ከኣ ሽግር ሃገርናን ህዝብናን ምተወድኤ ወይ ከኣ ኣዝዩ ምሓጸረ። ሕዝቢ ኤርትራ ግን ንጸላእቱ ተቓሊሱ ካብ ምስንጉን ስልጣኑ ኣብ ኢዱ ምእታውን ሓሊፉ ካልእ ምርጫ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ።

source: 2000-2004 Dekebat-eritra.com

## ምብቃዕ ህይወት ኣባ ኣጕስቲኖ ተድላ

ኣባ ኣጎስቲኖ ከኣ ንኣዲስ ኣበባ ተወሲዶም ዳርጋ ንሸውዓተ ዓመት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓለም በቃኝ ተቖጥቂጦም ኣይ ምዉት ኣይጥዑይ ኰይኖም ተፈትሑ።

ድሕሪ ምፍትሖም ኣብ ዓዲ ጣልያን እንዳትሓከሙ ከኣ እታ ክብርቲ ሂወቶም ንሃገሮምን ንህዝቦምን ዘይርሳዕ ፍቕርን ታሪኽን ገዲፋ ሓለፈት።



ኣብ ሃገር ጥልያን ናይ መጨረሻ ሕክምና ቅድሚ ሙማቶም ዝገልጽ ስእላዊ ቅርጺ

 

ኣባ ኣጉስቲኖ ተድላ

ፍቕሪ ሃገርኩምን ህዝብኹምን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እንዳተዘከረ ክነብር እዩ።



"ብሰላም ዕረፉ"

----- ተፈጸመ -----

## *ናይ ምብርባር ጻውዒት*

ኣብ ዓለም ብዙሓት ሃገራት ሓወልትታት ብምህናጽ፡ ጐደናታት፡ መናፈሻ ቦታታት፡ ቤትትምህርትታት፡ ዩኒቨርሲታት ካልኦት ትካላትን በሰማቶም ብምጽዋዕ፡ ንጅጋኑኦም ንዘልኣለም ክዝክሩዎም ይረኣዩ። ኤርትራ ግን ኣብ ምምራሕ ሃገር፡ ወትህድርና፡ ስነጥበብ፡ ስነጽሑፍ፡ ሃይማኖት፡ ሙዚቃን ስፖርትን ቅያ ዝሰርሑ ጀጋኑኣ ኣብ ምዝካር ዝፈሸለት ሃገር ኮይና ንረኽባ። ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ክሳብ ሕጂ ንዝነበሩ ዓበይቲ ሰባት ክጥቀሱ እንተኾይኖም፡ እቲ ዝርዝር ኣዝዩ ነዊሕ ከም ዝኸውን ርዱእ እዩ። ካልእ ይትረፍ ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመታት ዝነበሩ ዛጊት ዘይተነግረሎም ጅጋኑ ጥራይ ኣዝዮም ብዙሓት ከም ዝኾኑ ክፍለጥ ኣለዎ።

ብወገነይ፡ ኤርትራ ብዙሓት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ውተሃደራዊ፡ ባህላዊ፡ ትምህርታዊ፡ ስፖርታዊ መዳይ ኣዝዮም ዘድነቑ ኣብ ታሪኽ ዝሓለፉ ሓያላት ውልቀሰባት ኣለዉዋ፡ ክንዝክሮም ከኣ ይግብኣና እዩ እንተ በልኩ ብዙሓት ምሳይ ከም ዝሰማምዑ እምነት ኣሎኒ። ኣብ ቤትንባባት፡ ንኤርትራውያን ጀጋኑ ዝምልከቱ መጻሕፍቲ ክርከቡ ዘይምኽኣሎም ድማ ኣዝዩ ዘጉሂ እዩ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ግን ኣብ መርበብ ሓበሬታይ ኣብ ዝተፈላለየ ወቕቲ ናይ ዝነበሩ ኤርትራውያን ታሪኽ ህይወት ዘዘንቱ ቦታ ከፊተ ከም ዘለኹ ክሕብር እፈቱ። ([www.emnetu.com](http://www.emnetu.com)*).*

ንምጅማር ዝኣክል፡ ገለ ሕጹያት ክኾኑ ይኽእሉ ዝበልኩዎም መሪጸ ኣለኹ። ስለዚ፡ ንኹልኻትኩም ክጥቀሱ ኣለዎም ናይ ትብሉዎም ሰባት ኣስማት ክትሰዱለይ እጽበ። እቲ ዝሰደድ ዝርዝር ግን ንዝሓለፉ ዝምልከት ጥራይ ክኸውን ኣለዎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንግዜኡ ኣብ ታሪኽ ህይወት ናይ ዝሓለፉ ጥራይ ኢና ክነተኩር ንኽእል። ነቲ ዝርዝር ድማ ካባኻትኩም ገለ ሓበሬታ ምስ ረኸብኩ ናይ መወዳእታ መልክዑ ክትሕዞ እዩ። እቲ ዝርዝር ግን ኩሉ ግዜ ንተወሳኺ ኣስማት ፍሉጣት ሰባት ክፉት ከም ዝኾነ ይሕበር።

ብዛዕባ'ዚ ሓሳብ'ዚ እወታዊ ኣረኣእያ እንተኣልይኩም ታሪኽ ህይወት ናይዞም ኣብ ዝርዝር ዘለዉ ውልቀሰባት ክትጽሕፉ ወይ ክጽሕፉ ዝግደሱ ሰባት ክትረኽቡ ምሕጽንታ የቕርበልኩም ኣሎኹ። ዝኾነ ሓበሬታ ዘለዎ ግን ከኣ ክጽሕፍ ዘይደሊ ወይ ዘይክእል ሰብ ምስ ዘጓንፈኩም፡ ነቲ ሓበሬታ (ብወረቐት፡ ዲስኬት፡ ግራሞፎን፡ ካሴት፡ ቪድዮ፡ ስእሊ ወዘተ) ናባይ ክሰዱዎ ክትሕብርዎም ትኽእሉ ኢኹም። ብኸምዚ ድማ ኣነ ነቲ ትሕዝቶ ናብ ክጽሕፍ ዝኽእል ሰብ ክሰዶ እኽእል።

መጠን ናይቲ ጽሑፍ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እቲ ኣገዳሲ ናይቶም ጀጋኑ ታሪኽ ምዝካርን፡ ጨሪሹ ከይጠፍአ ወይ ከይተረስዐ ከሎ ምስናዱን እዩ። ዕብየት ናይቲ ጽሑፍ ዝውስኖ መጠን ናይቲ ሓበሬታ ብዛዕባ'ዞም ውልቀሰባት ዝርከብ እዩ። ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ኣገዳሲ ነጥቢ ግን እዞም ኣብቲ ዝርዝር ዝኣትዉ ውልቀሰባት፡ ኣብ ድሕነትን ባህልን ህዝብናን ሃገርናን ገለ ፍሉይ እወታዊ ዝኾነ ኣበርክቶ ዝገበሩ ክኾኑ ኣለዎም።

እምነቱ ተስፋይ

ዛንታ ህይወት ኣባ ኣጕስቲኖ ተድላ